# ቃልዕ ሰማይ(skyfritt)- ሓቛፊ ሃዋሁው ኣተዓባብያ ኣብ በርገን

***እዚ ቃልዕ ሰማይ ዝበሃል ውጥን ብበርገን ኮሙነ ሓቛፍን ኣወንታውን ሃዋሁው ኣተዓባብያ ንኽህሉ ዝተሓንጸጸ እዩ። ዕላምኡ ድማ ቆልዑን መንእሰያትን ብካልኦት ቆልዑ፡መንእሰያትን ዓበይትን ከይድንደኑን ከይድፈሩን እዩ።***

እዚ ውጥን ቃልዕ ሰማይ(skyfritt)ኢልና ዝሰመናሉ **ምኽንያት፡ ዝኾነ ቆልዓን መንእሰይን ኣብ ዝባነይ ጸላም ዝሰፈኖ ደበና የንጸላልወኒ ኣሎ ዝብል ስምዒት ንኸየሕድር እዩ።** ኩሎም ኣብ በርገን ዝዓብዩ መቒኡዎም ክዓብዩን፡ ንኽምዕብሉን ንኽሕወሱን ዕድላት ክረኽቡን እዩ ድሌትና።

በዚ ቃልዕ ሰማይ ዝበሃል ውጥን ኣብ መዋእለ-ህጻናት፡ኣብ ቤት-ትምህርትን ንጥፈታት ትርፊ-ግዜ ዝካየዱሎም ቦታታትን ዝርአ ምድንዓን ኮሙነ ክከላኸል፡ከፈድሕን ከተሓሓዞን ጻዕሩ ክብ ከብል እዩ።

ዓበይቲ ዝጻወቱዎ ኣገዳሲ ተራ

ደቅናን መንእሰያትናን ኣብ መዋእለ-ህጻናት እንዳተጻወቱ፡ ኣብ ክላስ ወይ ኣብ ትርፊ ግዜኦም ኣብ ዝህልዉሉ ግዜ፡ ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃ ኣብ ዝለማመዱሉ ግዜ ወይ ኣብ ሜዳ ኲዕሶ ዝረኽቡዎምን ዝቐርቡዎምን ዓበይቲ ሰባት ንኩሎም ቆላሕታ ናይ ምሃብን ምሕዋስን ብቕዓት ክህልዎም ኣሎዎ።

ቆልዑ ዝጻወቱሉ፡ዝመሃሩሉን ትርፊ-ግዜኦም ዘሕልፉሉ ኣከባቢታትን ውሑስን ምእሙእን ክኸውን ኩሉ ግዜ ናይ ዓበይቲ ሰባት ሓላፍነት እዩ።

ኣወንታዊ ሃዋሁው ኣተዓባብያ ከምዝህሉ ምግባር እዩ እቲ መፍትሕ።

ምድንዓንን ምድፋርን ከመይ ጌርና ኢና ክንቕንሶ ንኽእል፤ እዚ ብቐሊሉ ዝምለስ ሕቶ ኣይኮነን፡ እንተኾነ ግና ንደቅና ኣወንታውን ውሑስን ኣከባቢታት ምፍጣር ዓቢ ተራ ከምዝጻወት ንፈልጥ ኢና።

ውጥን ቃልዕ ሰማይ ሃዋሁው ኣተዓባብያ ኣወንታዊ ከምዝኸውን ንምርግጋጽ ሽሞንተ ዝተፈላለዩ ሜላታት ዝሓዘለ እዩ። ኣብዚ ብዛዕባ እዞም ሜላታት ዝያዳ ኣንብብ።

ዕላማ ውጥን ቃልዕ ሰማይ ቆልዑ፡መንእሰያትን ኣለይትን ከምዚ ዝስዕብ ንኽኾነሎም እዩ፡

- ንስማዕ ኣለናን ብዕቱብነት ይተሓዘልና ኣሎን ዝብል ስምዒት ከሕድሩ፡ ከምኡውን ምድንዓንን ምድፋርን ኪጋጥም ከሎ ሓገዝ ክረኽቡ።
- ሓገዝን ደገፍን ክረኽቡ ኣበይ ክኸዱ ከምዝኽእሉ ሓበሬታ ክወሃቦም
- ካብ መዋእለ-ህጻናት፡ቤት-ትምህርታትን ንንጥፈታት ትርፊ ግዜ ዝመርሑ ሰባትን እንታይ ክጽበዩን ክጠልቡን ከምዝኽእሉ ሓበሬታ ክወሃቦም።

ሰራሕተኛታት መዋእለ-ህጻናትን ቤት-ትምህርታትን፡ ከምኡውን ንንጥፈታት ትርፊ ግዜ ዝመርሑ ሰባት ንመጻኢና ዝውክሉ ደቅና ጽቡቕ ጌርም ክኣልዩልና ብዝተኻእለ መጠን ብቕዓት ንኽድልቡ እኹል ደገፍ፡ምኽርታትን ኣፍልጦን ንረክብ ኣለና ዝብል ስምዒት ከሕድሩ ኣለዎም።